

# ቀንዴል ሃገር



ድምጹ ንኽሰምዕ ክስበር ጽጥታ
ታሪኽ ክስተማቕር ክንገር ብዓውታ
ዓለም ክትሰምዕ ኪይትሓልፎ ብሽፍንታ
ሂያው ታሪኹ ኪይኸውን ዛንታ

እወ ! ታሪኽ ጀጋኑና : ናይ ሓቂ ዋልታ
ናጽነት ዘለበሱ ንሃገር ብምልእታ
ታሪኾም ክሰኒ ብመለኸት እብልታ
ልክዕ ልክዑ ክነግር ንዓለም ብምልእታ :

ኣድሃ እንዲኹም : ጅግና ንጉስ ናይ ሓርነት
በቲ ጽንኩር ገድልኹም : ዝኾመርኩም ዓወት
ሃገር ዝፈጠርኩም . ስዒርኩም ንሞት
ግስጋሰ ጉዕዞኹም . ዝዛሪ ከም ፈለግ
ትጓዝሙ ኣናብስ : ንምውሓስ ልዑላውነት
ዝነቐጸ ዘጥለልኩም : ዝይትዳነዩ ብምኩሓት. :

እወ ፈቃር ርህሩህ ዓቃል ሓየት
ደቂ ሓራስ ነብሪ : ፈጠርቲ ሓድነት
ተጋዳሊይ ሓላል : ጎይታ ባሕሪ መሬት
ንጹህ ጻዕዳ ልቢ ክምስክረልኩም ብኡነት
መስዋእቲኹም እንድዩ ዘጥልላ ነዛ ቅድስቲ መሬት:

ሓላላት ምኧንኩም ሃሪፍና ክትውስኹ ዕድመ
ተኣምር ክትሰርሑ ንጉዕዞና ዘይተዛዘመ
ተመክሮኹም ክተውርሱና ካብ'ቲ ዘቐደመ
ክተናዝዝዋ ገና : ነዛ ዓለም ልባ ዝባደመ :

ሕድሪኹም ኣቓምቱ ነቲ ጅግና ሞይቱ ዝበለ
ጅግና ደኣ መኣስ ሞይቱ : ስጋኡ'ዩ ዝተኸወለ
እነህ'ንዶ ትልሙ ዓምቢቡ ዝበለገ
ንዳእቲ ክሓፍስ ህዝቡ ዝዓሰለ
ፍረ ጻዕሩ'ዶ ኣይኮነን ብርሃን ናጽነት ዝተኾልዐ.

መን'ሞ ኣሎ ከምኡ ዘጽንዐ ኪዳኑ
ሕድሪ ዝተቐበለ መብጸዓ ብጾቱ
ብትብዓት ዝመከተ : ኪይተቖንዘወ ብጽያቱ
ዕላማኡ ዝነኸሰ ክሳብ ዕለተ መስዋኣቱ

ነዛ ቋሕ ሰም'ኳ :እንታይ ነይርዎ :
መጋረጃ ሰማያት : ንሂሉ እንተዝኸፈት
ባሕሪ ደሪቑ እንተዝቐርብ ክሕተት
ሑቕፊ ኣኽራናት ብግቡእ እንተዝብርበር
ኣግራብ'ውን ዕድል እንተዝወሃብ ሰራዉሩ ክግትር
ክብሪ ምረኸበ ኩሉ ከዳምጽ ኣእዛኑ እንትዝውጥር :

እወ ክምስክሩ ኩሉ ዝፈልጥዎ ክነግሩ
ንታሪኾም ካብ ሱሩ ጀሚሮ ክሳብ ዓንቀሩ

**ተዳለወ: ብመድሃኔ ተስፋኣለም: ንዝኽሪ 20 ሰነ: 19.06.2019**

*ዓቒሮም ዘለዉ ምስጢር ኩሉ ክብርበሩ*
*ተወሪቑ ክነብር ንዘንተዕለት ንሓዋሩ :*

*እወ : ታሪኽ*
*ናይቲ ኮኾብ ኤርትራ  ኣብ መሬቱ ዘንሳፍፍ*
*ኣብ ጎላጉል ሃገሩ :  ከም ረባዕ ዝዕንድር*
*ቅያታት ፈጺሙ : ንጸላእቱ ክቕብር*
*ነቲ ንጹህ ደሙ ንድሕነት ህዝቡ ዘፈልፍል*
*ብስብርባር ኣዕጽምቱ ዶባቱ ዝኽልል*
*ድልየታቱ ዝቐበረ ባንዴራኡ ከተምበልብል :*

*እወ ታሪኽ*
*ናይቲ ኣብ ኲናት ዝደበለ ኣብ ፈቖዶ ግምባር*
*ንሕልሚ ጸላእቱ : ዘይሃበ ዕድል*
*ንደርጎኛ ዝኀይሐ:  ኣብ ጎቦታት ሳሕል*
*ነዚ ፍቑር ህዝቡ : ዝወለዐ ፋና ናጽነት ቀንዴል :*

*እወ ! ታሪኽ; ናይ'ቲ ጠምየ ጸሚኡ ደኺመ ዘይብል*
*መሬት ከም ዑንቂ ጸቢባ ፍጹም ዘይሕለል*
*ዛንታኡ ክደምቕ ክትፈልጦ'ዛ ዓለም*
*ንኡስ ወለዶ :  ቅያኡ ከኽብር*
*ጅግንነቱ ኩሉ ይበርበር ይነገር :*

*እወ ! ታሪኽ : ናይቲ ኣድሃ ብጻይ : ምስ ኩሉ ዝሳነ*
*ትንፋስ ናጽነት : ፈዳይ ሕነ*
*በዓል ድርብ ዕጥቂ : ኣብ ኩሉ ዝውፈ*
*ጸላእቱ ቀጺዑ : ስዮማይ ዘበለ:*

*እወ ! ታሪኽ :*
*ናይቲ ብናይ ሃገር ጉዳይ ወትሩ ዕጡቕ*
*ንናይ ህዝቡ ድሕነት ሂወቱ ዘይበቅቕ*
*ንነብሰይ ዘይብል ከም ፍጡር ኣዳም*
*ብዕላማ ቅዩድ ንራህዋ ንሰላም :*

*እወ ! ታሪኽ*
*ናይ'ቲ ጎደሎ ዘይብሉ ብኹሉ ምሉእ*
*ኣብ መትከሉ ጽኑዕ ብታህዲድ ዘይርዕድ*
*ገጹ ዘይኣስር ወትሩ ግዜ ሕጉስ*
*ህርመት ልቡ ሓደ _ ቃሉ ዘይዓጽፍ*
*ኣምላኽ ቀቢኡዎ ብኹሉ ክነግስ*
*ወርቃዊ ታሪኽ  ሰኒዱ ብቅያታቱ*
*ሂወቱ ዝወፈ  ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ :*

*ዘልኣለማዊ ክብሪን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*መድሃኔ ተስፋኣለም 19:06:2019*

***ተዳለወ: ብመድሃኔ ተስፋኣለም:   ንዝኽሪ 20 ሰነ:     19.06.2019***